## ቃለ መጠይቕ
## ተጋዳላይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)
## ምስ
## መጽሄት ኣልኣሕዳስ

**ብኤርትራዊ ማእከል ንዜናዊ ኣገልግሎት ዝዳሎ**

**1. በንጻርቲ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳን ዝነበረ ዕቱብ ዘተን ግሉጽነትን፡ እቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ንኹሉ ኤርትራዊ ኣሰንቢዱ እዩ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ቅድሚ ኣንበብቲ ብኸመይ ትገልጾ?**

ርግጽዩ ካልኣይ ጉባኤ ኤ.ደ.ኪ. ነቲ ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመታት ከከራኽር ዝጸንሐ ጉዳያት ሰጊሩ፡ ናይ ኩሉ ሸነኻት ሕድገታት ኣመዝጊቡ፡ ብሓደ ቻርተር ወጺኡ ክንሱ፡ ኣብ ጉዳይ ኣመራርሓ ንዘመዝገቦ ፍልልያት ክሰግር ዘይምኸኣሉ፡ ዘየስንብድ ኣይኮነን።



ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)
ም/ ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ.

ቅድሚ'ቲ ኣብ ደገ ዘሎ ድማ መጀመርያ ዝሰንበድና ንሕና ኣብ ውሽጢ ኮይንና እንዋሳእ ዝነበርና ኢና። ምረት ናይቲ ፍልልይ መጀምርያ ዝቐሰምና'ውን ንሕና ኢና። ሕቶ ኣመራርሓ ድማ ተራ ጉዳይ ዘይኮነስ፡ ሓደ ካብቶም ብጥንቃቐ ክፍትሑ ዘለዎም ጉዳያት እዩ። ንኤርትራ ከም ሃገር ዘሳቕያ ዘሎ ናይ ኣመራርሓ ሕቶ ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግበኣናን። ኣብ ክሊ ተቓውሞ ጉዳይ ኣመራርሓ ክርኤ እንከሎ ግን ፈጺሙ ፍታሕ ዘይነበሮ ኣይኮነን። እቲ ሽግር ክስገር ይከኣል ነይሩ እዩ። ኣነ ሕጂ ነቲ ብሸነኽና ዝቐረበ ናይ ፍታሕ ፈተነታት ክዝርዝር ዘድልየኒ ኣይመስለንን። ብኽልቲኡ ሸነኻት ዝቐረበ ነጥብታት ድሮ ናብ ህዝቢ ወሪዱ ስለ ዘሎ፡ ሸነኽና ወይ ሸነኾም ክብል ግዜ ከጥፍእ ኣይመርጽን። የግዳስ ብባህሪ ናይቲ ፍልልያት፡ ኩልና እንሰማማዓሉ ቻርተር ካብ ኣጽደቕና፡ መወከሲ ሰነድ ናይ መጻኢ ስራሕና እውን ሓደ ካብ ኮነ፡ መሪሕነት ኣብ ምቛም ድማ ካብ ተፈላለና፡ ናብ ሓደ መዓልቦ ዘብጽሓና፡ ግዜያዊ ምምሕዳር ክንገብር ዝጽግመና መሰናኽል ኣይነበረን ዝብል ዕግበት ኣሎኒ። ኣብዝሃ ሰልፊ ዘለወን ሃገራት እውን መንግስቲ ኣብ ምቛም ምስ ዝፈሽላ ብግዜያዊ ናይ ሓልዮት መንግስቲ ምስጋር ባህርያዊ መዋጽኢ እዩን ዝርእያኦ። ከምዚ ዝበለ ግዜያዊ ፍታሕ እኳ ክንገብር ዘይምኽኣልና፡ ኣሕዛኒ እዩ። ካብ ክውንነትና ክንሃድም

ግን ኣይንኽእልን፡ ከም ኤርትራውያን፡ ውድባት፡ ዋላ'ውን ከም ህዝቢ ጌና ክንሰግሮ ዘይከኣልና ፖሊቲካውን ማሕበራውን ሽግራት ኣሎና ማለት እዩ። ኣብዚ ናይ ሕጂ ሽግራት ድማ፡ ኩልና ቅኑዓት ወይ ኩልና ግጉያት ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። ሓደና ግድን ግጉይ ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ እቲ እዚ ጉዳይ'ዚ ዘገድሶ ኤርትራዊ ድማ ካብ ናይ ማዕዶ ፖሊቲካ ክገላገል ኣለዎ። እዚ ጉዳይ'ዚ ብናይ ማዕዶ ፍርድታት ጥራሕ ዝፍታሕ ኣይኮነን። እቶም ተዋሳእቲ ኩሉ ግዜ ዝተወሰኑ ጥራሕ እንተኾይኖም፡ ካብቲ ዝህብዎ ዝለዉ ንላዕሊ ምናልባት ክህቡ ኣይክእሉን። ካብ "ከምዚ ዘይገብሩ" ዝብል ኣምር ናብ "ከምዚ ዘይንገብር" ዝብል ክሰጋገሩ እዋናዊ ጸዋዒት ናይዚ መድረኽዚ እዩ። ስለዚ እቲ ኣብ ስንባደ ኣትዩ ኣሎ ዝበልካዮ ግዱስ ኤርትራዊ፡ መጀመርያ ካብቲ ስንባደ ወጺኡ፡ እዚ ፍልልያት'ዚ ስለምንታይ ከም ዝተረኽበ ክምርምር፡ የድልዩ። ድሕሪኡ ድማ መርገጻቱ ኣነጺሩ ንጡፍ ተሳትፎኡ ብምርግጋጽ ንግጉይ ግጉይ ንቕኑዕ ድማ ቅኑዕ ክብልን ብኡ መሰረት ብንጥፈት ክዋሳእን የድሊ።

1. ሕጂ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሸነኻት ኪዳን ዝነበረ ዝምድና ኣብ ዝተቛረጸሉ፡ ብርእይቶኹም እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሸነኻት ክግበር ዘለዎ ሓድሽ ዝምድና ከመይ ክኸውን ኣለዎ?

   ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሸነኻት፡ ሕጂ ውን ብሓባር ክስርሓሉ ዝኽእል መዳያት ኣሎ ዝብል እምነት ኣሎና። እቲ ዕላማ ሓደ ክንገብሮ በቒዕና ኢና። ማለት ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣልጊስካ ናይ ብዙሓት ስልፍታት ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ንኹልና ዘገድስ ዕላማ እዩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ሓባራዊ ወይ ምውህሃዳዊ ዕዮታት ክስራሕ ይከኣል እዩ። ኣብ ዝርዝራት ምስ እንመጽእ ድማ፥

- ነቲ ተፈላሊናሉ ዘሎና ነጥብታት ኣብ ክሊ ናይቲ ዝተፈላለናሉ ጉዳያት ጥራሕ ሓጺርና፡ ናይ ሓድሕድና ርእይቶ ብግልጺ፡ ብዘይምግናን ወይ ብዘይምንእኣስ ምቕራብ
- ነቲ ብጋህዲ ተረኺቡ ዘሎ ፍልልይ ኣብ ኣመራርሓ ብወድዓዊ መንገዲ ምግላጽን ካብ ዝኾነ ይኹን ምጽልላምን፡ ጠቕነታትን ምርሓቕን፡
- ኣብቲ ዘሰማምዓና ነጥብታት፡ ሓብራዊ ወይ ዝተወሃሃደ ዜናዊ ዕዮታት ምክያድ
- ኣብ መንጎ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ዘሎ ዝምድና ሰላማዊን ተሓባባሪን ከም ዝኸውን ምግባር
- ኣብ ከባቢና ኮነ ኣብ ኣህጉራዊ መዳይ ከም ተቓውሞ መጠን፡ ሓባራዊ ወይ ዝተወሃሃደ ስራሕ ምክያድ፡ ዝከኣል ይመስለኒ።

2. ኣብ ኤርትራዊ ጉደናታት ዓብሊሉ ዘሎ ስምዒት፡ ሓፈሻዊ ናይ ንያት ውድቀት ከም ዘለዎ ኩሉ ዝሰማማዓሉ እዩ። ሕጂ ድማ እቲ ኣብ መንጎ ህዝቢን ሓይልታት ተቓውሞን ምርሕሓቕ ይገድድ ኣሎ። ንህዝቢን ንትጽቢታቱን ነቲ ኩነታት ብሓፈሻን ከመይ ትገጥምዎ?

   ኣብ ኤርትራዊ ሓፈሻዊ ርእይቶ ብሓፈሻ፡ ኣብ ክሊ ተቓውሞ ድማ ብፍላይ ናይ ሞራል ውድቀት፡ ወይ ብዝወሓደ ናይ ንያት ምትንካፍ ከም ዝህሉ ርዱእ እዩ። ግን ከኣ ካብ ህልዊ ክውንነትና ክንሃድም ኣይንኽእልን ኢና። ክልተ ብሩህ፡ ሸነኻት ተጋሂዱ ኣሎ። ዝተፈላለዩ ኣረኣእያ ጎሊሁ ኣሎ። እቲ ሕቶ ቃልሲ

ተቓውሞ ብኸመይ ይምራሕ ኣብ ዝብል ነጥቢ እዩ እቲ ፍልልይ ዝተጋህደ። ሕቶ ኣመራርሓ ድማ ምስ ከመይነት ኣሰራርሓን፡ ምስ ናብ ዓወት ከብጽሓካ ዝኽእል ጐደና ምትላምን ዝተኣሳሰረ እዩ። ኤርትራ ንዲክታቶርነት ክትዕንግልን ከተዕቢን ዝተገደደት፡ ኣብ ጉዳይ ኣመራርሓ ካብ መፈለምታኡ ጥንቁቕ ኣተሓሕዛ ስለ ዘይገበረት ምኽኑ ክዝንጋዕ የብሉን። ሰላማዊ መሪሕነታዊ ምቅብባል፡ ኣብ ግዜ ገድሊ እንከሎና ከም ባህሊ ክንሕዞን ክንክተሎን የድልየና። ለውጢ ብዓቢኡ ንኸነመዝግብ መሪሕነታት ምቕያር ብዓንተብኡ ክንለምዶን ክንቅበሎን የድልየና። ስለዚ እቲ ክልተ ሸነኻት ዝተፈላለየሉ ጉዳይ፡ ብብሩህ ናብ ቅድሚ ህዝቢ እናውረድና፡ ብግሉጽነት ክንቀርብ የድልየና። ህዝብና ድማ ብብሩህ ድምጹ ከስምዕን ከም ወሳኒ ኣካል ናይ ቃልስና፡ ሓያል ተጽዕኖታቱ ከዘውትርን ይግባእ። ንነዊሕ ዓመታት ዝኸደ ካብ ሓልዮት ዝብገስ "ኩሉኹም ደቅና" ዝብል ኣረዳድኣ ቀድሚ ሕጂ ተመዝሚዙ ብደቂ ከም ዝጭቆን፡ ከም ዝግረፍ፡ ከም ዝእሰር ከም ዝስደድ ገይርዎ እዩ። እዚ ሃለዋት'ዚ ካብ ሕጂ ጀሚሩ ከብቅዕ ኣለዎ። ካብ ሓፈሻዊ ናይ ሞራል ውድቀት ኩነታት ወጺኡ፡ ንስኹም ግጉያት ንስኹም ድማ ቅኑዓት ክብል መድረኹ ዝበጽሐ ይመስለኒ

4. **ኣብ ጉባኤ ኪዳን ካብ ዝተዛረብካዮ ኣገዳሲ ጉዳይ፡ መረረታት ዘለዎ ታሪኽ ንምስጋር፡ ብዛዕባ ኣብ መንጎ እስላምን ክርስትያንን ክግበር ዘለዎ ዘተ ኣልዒልካ ኔርካ፡ ብዛዕባዚ ሓሳብዚ ዝያዳ መብርሂዶ ምሃብካና?**

ኣብ ጉዕዞ ናይ ጉባኤ፡ ርእይቶ ከቅርብ እንከለኹ ሕቶ ዘተን ልዝብን ኣልዒለ ኣብኡ ክህልወና ዘለዎ ኣረዳድኣ ኣቕሪበ ከም ዝነበርኩ ርግጸዩ። እቲ ሸው ዝበልክዎ ድማ ሕጂ'ውን ክድገም ዝከኣል እዩ። ኩልና ከም እንፈልጦ እቲ ጉባኤ ንዕልማናውያን፡ ንሃይማኖታውያን፡ ንብሄራውያን ውድባት ሓቝፉ እዩ ዝጐዓዝ ዝነበረ። እቲ ጉባኤ ንባዕሉ ናይ ዘተ መኣዲ ከፊቱ እዩ። ብተረድኦይ ድማ እዚ ተራሕዩ ዘሎ ናይ ዘተ ባብ፡ ቀጻሊ ክኸውን ምትንባህ የድልዮ ነይሩ። ዘተ ኩሉ ግዜ ጠጠው ክብል ዘይግብኦ ወይ ክዕገት ዘይብሉ ፈለግ ናይ ምርድዳእ እዩ። እቲ ጉባኤ ድማ ንመስርሕ ዕቱብ ዘተ ይጅምሮ ደኣ ነይሩ'ምበር ይድምድሞ ኣይነበረን፡ ስለዚ ድማ ዘተ ኣብ መንጎ ሃይማኖታት፡ ዘተ ኣብ መንጎ ወለዶታት፡ ዘተ ኣብ መንጎ ብሄራት፡ ዘተ ኣብ መንጎ ፖሊቲካዊን ማሕበራውን እምንቶታት ክቕጽል ኣለዎ ብማለት ገሊጸ። ክርክርን ፍልልይን ዝበዝሕ ናይ ሓባር ረቛሒ ወይ ሓባራዊ መወከሲ ምስ ዘይህሉ እዩ። ኣብ መንጎ ኣመንቲ ክርስትና ኮነ ምስልምና ወይ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጉጅለታትና ዘሎ ናይ ሓባር ረቛሒ ከነለልዮ ክንእመነሉ ብኡ መሰረት ክትዓትና ሰሪዕና ድማ ንናይ ሓባር ረብሓታትና ክንሰርሕ የድልየና። እቲ ዘተ ንባዕሉ፡ ሓደ ነቲ ካልኣይ ሸነኽ እምንቶኡ ከሕድጎ ዝህቅን ክኸውን የብሉን፡ እንታይ ደኣ ምስ እምንቶኡ እንከሎ ንናይ ሓባር ረብሓ ክሰርሕ ንኽዕግቦ ክኸውን ኣለዎ። ንሓባራዊ ዕላማ ንምርግጋጽ ድማ ኩልና መምስ ዘሎና እምንቶታት ነቲ ሓባራዊ ዕማም ዘገልግል ዕዮ ምስ እንሰርሕ እዩ። ስለዚ ንሕቶ ዘተ ሎሚን ጽባሕን ንኹሉ ግዜን ከም ዘይነጽፍ ፈልፋሊ ማይ ክንጥቀመሉ የድልየና።

5. **ነቲ ኣብ ኪዳን ዝተረኽበ ፍልልይ ንምጽጋን ዝዓለመ ኢትዮጵያዊ ፈተነታት ከም ዝነበረ ሰሚዕና። እዚ ፈተነታት'ዚ ኣብ ምንታይ በጺሑ?**

እቲ ኣብ ክሊ ውድባት ኪዳን ዝተራእዩ ፍልልይ፡ ከምቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ዘሰምበደ፡ ንፈተውቲ እውን ኣሰንቢዱ እዩ። ብፍላይ ንጉዕዞ ጉባኤ ብቐረባ ክከታተሉ ዝጸንሑ ኢትዮጵያውያን ብደረጃ ህዝቢ ኮነ መንግስቲ እቲ ውጽኢት ከም ዘጉሃዮም ኣመልኪቶም እዮም። ካብ'ዚ ብምብጋስ ክተዓረቕ ዝኽእል ርእይቶታት እንተሎ ንምርኣይ ኮነ፡ ባህሪ ናይቲ ፍልልይ ብቀረባ ንምርዳእ፡ ብምሕላን ምስ ክልቲኡ ሸነኻትን፡ ሰልፊ ናህዳ ከም ሻራ ዘይብሉ ሸነክን ሓባራዊ ኣኼባታት ኣካይዶም። ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተገብረ ፈተነ፡ እቲ ክልቲኡ ሸነኻት ተራኺቡ ክጽገን ዝከኣል እንተሎ ንኽጽገን ናብ ኩሉ ኣካላት ኪዳን ለበዋታትን ምኽርታትን ምቕራብ እዩ ነይሩ። ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኪዳን ኣይንኣቱን ዝብል መርገጽ ስለ ዘሎና፡ ፍሉይ መዋጽኢ ከነቕርብ ኣይንኽእልን ብማለት፡ እዚ ይሓይሽ ወይ ከምዚ የዋጽእ እዩ ብማለት ዘቕረብዎ ፍሉይ መደብ ዕርቂ ኣይነበረን። ብርእይቶይ በቲ ካልኣይ ሸንኽ ተቐባልነት ኣረኺበን ደኣምበር፡ እቲ ኣብ መመወዳእታ ዘቕረብናዮ፡ ንኽልቲኡ ሸነኻት ብማዕረ ዘሳትፍ ነቲ ሻራ ዘይብሉ ሸንኽ ድማ ከም መንጎኛ ዝፈልጥ ንድፌ ፍታሕ መዋጽኢ ምኾነ። ግን እዚ ጉዳይ'ዚ ኮነ ካልእ ንድፌ እንተሎ፡ ክልቲኡ ሸነኻት ከጽንዖ፡ ርኽክባቱ ክቕጽልዩ፡ እቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ብዕላዊ መንገዲ ዝተገልጸ። ውድባት ኪዳን ተራኺቦም ባዕሎም ነቲ ጸገም ክፈትሕዎ ምስ ዝኽእሉ ዝበለጸ ከም ዝኸውን፡ ምስ ዘይከኣል ግን ምስ ኩሉ ናይ ተቓውሞ ሓይልታት ብተናጸል እውን ከይተረፈ ከም ዝተሓባበሩ እዮም ገሊጾም። በዚ መሰረት እቲ ፈተነ ካብ ሓፈሻዊ ምኽርታት ንላዕሊ ዝሰገረ ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን።

6. ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሸነካት ኪዳን፡ እቲ ጉዳይ ኣብዚ በጺሕዎ ደረጃ ካብ በጽሐ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ከም ፍታሕ ብተሪር ይለዓል ኣሎ፡ ኣብዚ ጉዳይ እንታይ ርእይቶ ትህበና?

ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ሎሚ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ጉባኤ ኪዳን ኮነ ቅድሚኡ ተላዒሉ ክዝረበሉ ዝጸንሐ ጉዳይ እዩ። ሕጂ እውን ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ኣነ'ውን ጥርጥር የብለይን። ኪዳን ኣብ ከምዚ ዝበለ ቅልውላው ክኣቱ እንከሎ ግን ንመስርሕ ምዕዋት ኤርትራዊ ዋዕላ ከደናጉዮ ከም ዝኽእል ዝስሕት ዘሎ ባእታ ኣይመስለንን። እቲ ሕቶ ከመይ ዋዕላ ይሰናዳእ መን'ከ የሰናድኦ፡ ተሳተፍቱኸ መነመን እዮም፡ ኣብይነቱን ስንቅታቱን ከመይ ይውሰንን ይማላእን ወዘተ.. ዝብሉ ሕቶታት ብዕቱብነት ክምለሱ ይግባእ። እዚ ኩሉ ብጽፉፍ መንገዲ ንኽማላእ ድማ ይውሓድ ይብዛሕ ኣብ መንጎ ኩሉ ናይ ተቓውሞ ሓይልታት ርኽክባትን ዘተታትን ክቕጽል ኣለዎ። ብተወሳኺ እቶም ዝመሳሰል ፕሮግራም ዘለዎም ውድባት ብስጡም መንገዲ ክሰርሑ ይድለ። እዚ ርኽክባት'ዚ እንተተዓዊቱ ውሕስነት ናይ ዕዉት ሃገራዊ ዋዕላ ክኸውን ይኽእል እዩ።

7. ናይ ሰውራዊ ባይቶ ሻድሻይ ጉባኤ ካብ ዝግበር ዳርጋ ሸውዓተ ወርሒ ሓሊፉ ኣሎ። ውሳኔታት ጉባኤ ኣብ ምፍጻም ብፍላይ ድማ ምስ ካልኦት ውድባት ዘሎ ዝምድናን ምምስራት ሰልፊን ብዝምልከት እንታይ ተረጋጊጹ ኣሎ?

ድሕሪ ሻድሻይ ጉባኤ ውድብና ዘጽደቕናዮ ጉዳይ ምምስራት ፓርቲ፡ ተተሓሒዝናዮ ካብ ዘሎና መሰረታዊ ዕማም እዩ። ውድብ ካብ ካልእ ዕማማቱ ጠጠው ክብል ስለ ዘይኽእል ግን ማዕረ ማዕረኡ ነዚ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳን ንምዕዋት ጸሚድና ጸኒሕና ኢና። ጉባኤ ኪዳን፡ ልክዕ ከምቲ ዝተተምነናዮን ዝሰራሕናሉን፡ ውጽኢት እኳ ኣይንበሮ'ምበር፡ ገለ ካብ ዕማማት ናይ መስርሕ ምምስራት ስልፊ ከፊልና ናብ ጉባኤ ኪዳን ምድሃብና ኣየጣዕሰናን እዩ። ምኽንያቱ ካብቲ ተመክሮ ክንቀስም ኮነ እቲ ኪዳንን ውድባቱን ኣበየናይ መድረኽ ከም ዘሎ፡ ድሕሪ ሕጂኸ ኣበይናይ ሸነኻት ኢና ከነተኩር ዘሎና ኣፍሊጡና እዩ። እንተ ብዛዕባ መስርሕ ምምስራት ሰፊሕ ስልፊ ግን፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝገበርናዮ ምንቅስቓስ ኣወንታዊ ፍርያት ረኺብናሉ ኣሎና። እቲ መስርሕ ብሰለስተ መድረኻት እዩ ዝሓልፍ፡

- መድረኽ ሓበሬታን ድህሰሳን
- መድረኽ ምምስራት ሓባራዊ ኮሚሽን ምምስራት ስልፊ
- መድረኽ ምስንዳእ ናይ ስልፊ ጉባኤ

ኣብዚ እዋን እቲ ቀዳማይ መድረኽ ዳርጋ ኣብ ምድምዳሙ እዩ። ማለት ናይ ምምስራት ሰልፊ ኣወሃሃዲት ኣካል ቆይማ። ኣብ ህላዌና ዘለዎ ክፍልታት ናይ ዓለም 13 ናይ ሓበሬታን ድህሰሳን ሽማግለታት ቆይመን፡ ኣብ ሓያሎ ከተማታት ንኡሳን ሽማግለታት ቆይመን ስራሓተን የካይዳ ኣለዋ። ውሑድ ዘይኮነ ቁጽሪ ኤርትራውያን ፈሊጣውያን፡ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኣካል ናይቲ ክምስረት ዘለዎ ፓርቲ ከም ዝኾኑ ኣፍሊጦም ምንቅስቓሳቶም ዝጀመሩ ኣለዉ። ምስ ዝተፈላለዩ ሲቪላዊ ማሕበራትን፡ ናይ መጽናዕቲ ማእከላትን መፈለምታዊ ርኽክባት ይካየድ ኣሎ። ብደረጃ ወድባት ድማ መሪሕነት ውድብ ዝከታተሎ ኮይኑ ከም መደብ ተታሒዙ ክስርሓሉ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ጉዳያት'ዚ ኣብ ጭቡጥ መዓልቦ ኣብ ዝበጽሓሉ ድማ፡ ካብ ኩሉ'ቲ ሰፊሕ ሰልፊ ክምስርት ዝተሰማምዐ ሓይልታት፡ ናጻ ናይ ስልፊ ምምስራት ኮሚሽን ወጺኡ ነቲ ካልኣይ መድረኽ ክመርሖ እዩ።

እዚ ካልኣይ መድረኽ ኣብ ዝድምደመሉ ድማ፡ ናይ ጉባኤ ምስንዳእ ተገይሩ፡ ናብ ጉባኤ ብምእታው እቲ ሓድሽ ሰልፊ ምምስራቱ ይእወጅ። ብሸነኽና ከም ውድብ ብደረጃ ፍልስፍናን ፕሮግራማትን ነቲ ኣብ ቅድሚት ዘሎ ዕማማት ንምፍጻስ ፍልይቲ ናይ መጽናዕቲ ሽማግለ ኣዳሊና ኣሎና። እቲ መጽናዕትታት እውን ይካየድ ኣሎ። እዚ መጽናዕትታት'ዚ ከም ርእይቶና ክወርድ ይኽእል እዩ። እቲ ናይ ፓርቲ ፍልስፍና ዝኸውን ግን ኩሉቲ ሰልፊ ዘቕውም ዘሎ ሓይልታት ዝሰማማዓሉ ጥራይ እዩ።

8. ብጉዳይ ኤርትራ ዝከታተሉ ብዙሓት ከም ዘተንብህዎ ነዚ ስርዓት ንምቕያር ዝካየድ ዝኾነ ይኹን ናይ መጻኢ ሰናርዮ ተሳትፎ ሓይልታት ተቓውሞ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናኸበደ ይኸይድ ኣሎ። ተቓውሞ ካብቲ መስርሕ ወጻኢ እዩ ዝዋሳእ ዘሎ እውን ይበሃል። ካብዚ ዝተፈልዬ ርእይቶ ኣሎካዶ?

ኣብ ኤርትራ ለውጢ ንምምጻእ ኣብ ዝግበር ቃልሲ፡ ተራ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ፡ ብመሰረቱ ከቢድ ምኻኑ ይርድኣኒ እዩ። ግን ይኽበድ እምበር ለውጢ ኣብ ኤርትራ ግድነታዊን ዝከኣልን ምኻኑ እንስሕቶ ኣይመስለንን። ኪዳን ብፍላይ ድሕሪዚ ካልኣይ ጉባኤ፡ ማዕቢሉ ናይ ህልዊ ኩነታት ጠለባት መሊሱ

እንተዝቕጽል፡ ዕማማት ሓይልታት ተቓውሞ ንምውህሃድ ኮነ ጉዳያት ንምስላጥ ምበቕዐ፡ ነቲ ለውጢ ድማ መቀላጠፎ። ንክብደት ናይቲ ዕማም ግን ብዙሕ ኣይኮነን ዝቕይሮ ናይ ክብደቱ ወይ ምፍኳሱ መዐቀኒ ኪዳን ጥራይ ኣይኮነን። ብኻልእ ሸነኽ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ኣሰራርሓኡን ኣመራርሓኣኡን ከየማዕበልካ ከምቲ ዝነበሮን በቲ ዝጸንሖ ዝምድናታትን'ከ ንክብደት ናይ'ቲ ዕማም መፋኾሶ'ዶ ዝብል ሕቶ ከነልዕል እውን ግቡእ እዩ። ንምምላሱ ከይተዳኸምና፡ ኪዳን በቲ ዝነበሮ መንገዲ ምቕጻል፡ ናይ ዝሓለፈ ትሸዓተ ዓመታት ተመክሮ ምግምጋም ጥራሕ የድልየና። ኣብ ውሽጢ ሰፊሕ ህዝቢ ከይሰረጸ ኣብ ዘለዎ ጋም-ማን ናይ ዝብል ሃለዋት ተመሊስና ክንርኢ እንመርጽ ድማ ኣይመስለንን። ምናልባት እውን ካብ ሓደ ኣሎና ኣናበልካ ነንበይንኻ እትሰርሕ፡ ፍልልይ ከም ዘሎካ ኣረጋጊጽካ ብምውህሃድ ክትሰርሕ ነቲ ቃልሲ ይሕንኖ፡ ነቲ ትጽቢት ዝንበረሉ ለውጢ ድማ የቀላጥፎ ይኸውን። ስለ'ዚ ብዓይኒ ምንጻር ናይ ቃልሲ መስርሓት፡ ክርኤ እንከሎ፡ ሕጂ እቲ ፍልልያት ብዝተነጸረ መልክዑ ቀሪቡ ኣሎ። ኣብ ኤርትራዊ ክውንነትና ከም ኣብ ናይ ብዙሕ ኣህዛብ ክውንነታት፡ ጉዳይ ኣመራርሓን ኣሰራርሓን ክንሃድመሉ ብዘይንኽእል መንገዲ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ተራእዩ ኣሎ። ኩርሲ ጥራሕ እውን ኣይኮነን ምስኡ ተተሓሒዙ ዝጎዓዝ ካልእ ማሕበራዊ ሃለዋት ኣሎ ማለት እዩ። ኣብ ናይ ኪዳን ኩነታት ክልተ ብሎክ ክገሃድ እንከሎ ድማ ኩሉ'ቲ ሕሳባት ኣብ ጉዳይ መሪሕነት ደኣ ይተኮስ እምበር፡ ነፍሲ ወከፍ ሸነኽ እንታይ ይደሊ ኣበየናይ መሰረታዊ እምንቶታት ዝተመርኮሰ ቃልሲ ከካይድ ይህቅን ክግምገም ዘይከኣል ኣይኮነን። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ውድብ ምስ መሰረታዊ እምንቶታቱ እንከሎ፡ ሕጂ እውን ኣብ ክሊ ዘተን ምውህሃድን ክህሉ ግድን እዩ። ኣብ ሓድሕድ ምክብባርን ንሓድሕድ ምፍላጥን ዘትኮረ ሕኑን ናይ ለውጢ ቃልሲ ምክያድ እዩ እቲ ሕጂ በጺሕናዮ ዘሎና መድረኽ። ነዚ ድማ ከም ዊንታና ክንቅይሮ ኣይንኽእልን፡ ንጠለባት ናይ'ዚ መደረኽዚ ብንቕሓት ምርዳእን ብዝለዓለ ደረጃ ተጠቒምና፡ ነቲ ናይ ለውጢ መስርሕ ምክያድን የድልየና።

ነቲ ካልኣይ ክፋል ናይቲ ሕቶ፡ ብዝምልከት ተቓውሞ ካብቲ ናይ ለውጢ መስርሕ ወጻኢ እዩ ዘኹድድ ዘሎ ዝብል ተረድኦ ምህላዉ ተገሊጹ። ኣይኮነን። ኩሉ ተቓውሞ ኣካል ኤርትራዊ ፖሊቲካዊ መስርሕ እዩ። ኩሉ ኣብ'ቲ መስርሕ ብተገንዝቦኡ መሰረት ይሕመቕ ይበርትዕ ኣሎ እዩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ መስርሕ ዝተፈላለዩ ተራ ጥራሕ እዩ ክህልዎ ዝኽእል። ብሓጺሩ እቲ ናይ ኤርትራ መስርሕ ፖሊቲካዊ፡ ተቓውሞ፡ ንኹልና ኣብ ተቓውሞ ዘሎና ሓቑፉ እዩ ዝጎዓዝ ዘሎ።

9. ኣብ ውሽጢ ስርዓት ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ብፖሊቲካውን ምጣነ ሃብታውን ማሕበራውን ጉዳያት ከምኡ'ውን ብደረጃ ወጻኢ ይተሓላለኽ ኣሎ። ምስኡ ድማ ድኽመት ናይ ተቓውሞ ኣሎ። መጻኢ ኤርትራ ከመይ ተንብቦ?

ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ይፈሽል ምህላው፡ ከም መንግስቲ ብኣህጉራዊ ደረጃ ዝተነጸለ ምኻኑ፡ ከም ብሓድሽ ምርግጋጽ ዘድልየና ኣይመስለንን። ኩነታት ሃገር እውን ኣብ ምጣኔ ሃብታዊ፡ ኣብ ፖሊቲካዊን ማሕበራውን መዳያት ናይ ዝወደቐት ሃገር ክውንነት ምኻኑ ንምእማት፡ ግዜ ክንበልዕ ዘድልየና ኣይመስለንን። ኤርትራና፡ ጸጥታን ቅሳነትን ዘይብላ ሃገር ምኻና፡ ዝከራኸር ኣይኮነን። እቲ ሃለዋት ኣዝዩ ብሩህ እዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ክንምልከት ከሎና ድማ ሓይልታት ተቓውሞ፡ ኣዝዩ ሰፊሕ ምኻኑ ብሩህ እዩ፡ ኩሉ'ውን ብመንገዱ ኣብ ዕማም ተቓውሞ ይሳተፍ ኣሎ እዩ። ግናኸ ብዝተወደበ መልክዑ ከምቲ እንብህጎ ክንቀሳቐስ ዘይምኽኣሉ ዘየሰክፍ ኣይኮነን። እዚ ስክፍታ'ዚ ይሃሉ'ምበር፡ እቲ ስርዓት ብወድዓዊ መዐቀኒ ግዜኡ ኣብቂዑ እዩ። ወድቀት ናይዚ ስርዓት'ዚ ድማ ናይ ታሪኽ ግድነት እዩ። ኤርትራ ድሮ ኣብ መስርሕ ናይ ለውጢ ኣትያ እያ። ነዚ ሃለዋት'ዚ ኣብ ግምት ብምእታው ክንርኢ እንከሎና ተቓውሞ ኤርትራ፡ ነቲ ድሕሪ ውድቀት ዲክታተሪያዊ ስርዓት ክህነጽ ዘለዎ ኣብዝሃ ሰልፋዊ፡ ደሞክራስያዊ ስርዓት፡ ከመይ ክተሓሓዞ እዩ፡ ንዝብል ሕቶ ኢና ክንምልስ ዘሎና። ብመሰረቱ ግን፡ ብዝኾነ መዐቀኒ እቲ ድሕሪ ውድቀት እዚ ስርዓት'ዚ ዝፍጠር ፖሊቲካዊን ምጣኔሃብታውን፡ ሰብኣዊን ኩነታት ዝሓሸ ክኸውን እዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ።

10. ነፍሲ ወከፍ ሸነኽ ኪዳን ነቲ ዝወሰዶ መርገጽ ንኽመኽኒ፡ ብዜናዊን ህዝባውን ዲፕሎማስያዊን መዳያት ምጥቕቓዕ ከካይድ እዩ፡ ዝመስል፡ እዚስ ክስገርዶ ኣይመተኻእለን?

ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ምሳኻ እሰማማዕ እዬ። ኣብ ኪዳን ክልተ ሸነኻት ምፍጣሩ፡ ንድለዮ ኣይንድለዮ ጭቡጥ ሃለዋት ኮይኑ እዩ። መጀመርያ ክንቅበሎ ይድልየና። ካብኡ ሓሊፍና ድማ መዋጽኢታት ከነናዲ ይግበኣና። ብርእይቶይ እቲ ሓቅታት ኩሉ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ክፍለጥ ኣለዎ፡ ስለዚ ድማ ግሉጽነት ከነርኢን ሓቀኛ ባህሪ ናይቲ ፍልልይ ከነንጸባርቕን የድልየና። እዚ ንባዕሉ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን። ውሑድ ጉዳያት እውን ኣይኮነን። ንዕኡ ጥራሕ ብተኣማንነት ምብራህ እኹል ስራሕ እዩ። ብልክዕ ነቲ ዝተረኽበ ፍልልያት እናገልጽና ብእኡ መሰረት መርገጻትን ፍርድታትን ንኽውሰድ ምስ እንጽዕር ኣብ ፖሊቲካዊ ባህሊና ምዕባሌን ዕቤትን ከነረጋግጽ ንኽእል ኢና። ኣብ ዝየድሊ ምንሻዋትን፡ ባዕላዊ ትርጉማትን ኣቲና ምጥቕቓዕ ምስ እነካይድ ግን ነቲ ከጥቅዕ ዝፍትን ኮነ ነቲ ዝጥቃዕ ዘሎ ዘርብሕ ኣይመስለንን። ሸንኮለል ክንብል ክንነብር ኢና ማለት እዩ።

11. ብዛዕባ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ክትነረግናዶ ምኽኣልካ፡ በዚ ኣብ ኪዳን ዝተረኽበኽ ይጽሎ ድዩ?

ናይ ሰውራዊ ባይቶ ወጻኢ ዝምድናታት፡ በቲ ኣብ ኤርትራ ኮነ ኣብ ከባቢና ዘሎ ምዕባሌታት ዝጽሎ እዩ። ብፍላይ ኣብዚ እዋንዚ፡ ናይ ስርዓት ኤርትራ ተነጽሎ ኣብ ዝዓዘዘሉ፡ ኣህጉራዊ ንጥፈታትና ዝያዳ ኣትኩሮ ዝግበረሉ ዘሎ እዋን እዩ። ጉዳይ ስደተኛታት ኤርትራ፡ ናይ መንእሰያት ኤርትራውያን ሃለዋት ኣብ ስደት ንምምሕያሽን ኣብ ዘለውዎ ሰብኣዊ መሰላቶም ንኽይገሃስን ብደረጃ ሃገራት ኮነ ኣህጉራውያን ውድባት እንቀሳቐሰሉ ዘሎና መዳይ ንጥፈት እዩ። እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ግን ነቲ ምኽንያት ናይዚ ሽግር ዝኾነ ስርዓት ኤርትራ ምልጋስን ኣብ ኤርትራ ወዲ ሰብ ዝኽበረሉ ሃዋህው ምፍጣርን እዩ። እዚ ድማ ብመሰረቱ ውሽጣዊ ዓቕምና እዩ ዝውስኖ። እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ናይ ግዳም ምንቅስቓስና እንግንዘቦ፡ ምርኡይ ሓቂ እውን እዩ። እቲ ዝድለ ለውጢ ክመጽእ ዝኽእል ካባናን ብኣናን ከም ኤርትራውያን እዩ። ነቲ ስርዓት ከነውድቖ እንኽእል ባዕልና ብእንገብሮ ጸዓት እዩ'ምበር ካብ ግዳም ኣይኮነን። እቲ ክመጽእ ዝኽእል ምርኡይ

ኣህጉራዊ ደገፍ ድማ ንሕና ከም ሃገርን ህዝብን ምርኡይ ናይ ለውጢ ማዕበል ከነልዕል ምስ እንኽእል እዩ። በዚ ተረድኦ'ዚ መሰረት ሰውራዊ ባይቶ፡ ብኣህጉራዊ መዳይ ዘለዎ ዝምድናታት፡ ኣወንታዊ፡ ነቲ እንኽተሎ ዘሎና መስርሕ ቃልሲ፡ ዘተባብዕ ንመጻኢ እውን ናብ ዝደልደለ ዝምድናታት ንኽሰጋገር ባይታ ዝፈጥር እዩ። ብፍላይ ኣብ ሰብኣዊ መዳይ ናይ ንጥፈታትና ድማ፡ ናብ ኤርትራ ተባሂሉ ዝስላዕ ዝነበረ ሰብኣዊ ኮነ ናይ ልምዓት ደገፋት፡ ብሰንኪቲ ስርዓት ዝወሰዶ ዘይሓላፍነታዊ ስጉምታት፡ ጠጠው ድሕሪ ምባሉ፡ እቲ ንኤርትራ ተባሂሉ ዝምደብ ናብ ኤርትራውያን  ዝበጽሓሉ ፍሉይ መደብ ክስርዓሉ ኢና ክንደፍእ ጸኒሕና። ኤርትራውያን ኣብ ስደት ዘለዉ እውን ከም ኤርትራውያን ክሕገዙ ኣለዎም ዝብል ተረድኦ ንምስፋን ዘካየድናዮ ጻዕሪ በኒኑ ክተርፍዩ ዝብል እምነት የብልናን። ልዕሊ ኩሉ ግን ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ንህልዊ ስርዓት ኤርትራ ምልጋስ እዩ፡ እቲ ሓያል ፖሊቲካዊ ኣህጉራዊ ደገፍ ዘስዕብ።